# ዓቕሊ ጽበት ዘይገብሮ የብሉን።
# ጸድቃን'ከ እንታይ'ዩ እንጦሾ ዘብሎ ዘሎ?

ጃንዳ ሓደ ካብ ሓደ ዝሓይሽ ዘይብሎም። ናይ ስብሓት ዓፍራ ኪይኣክልስ ናይ ጻድቃን ፈኸራ? ብውግእ ተሳዒሩ ብፍርዲ ተረቲዑ ከብቅዕ ሕጂ'ሽ እንታይ ክደግም ስለ ዝደለየ እዩ ፈራዕ ፈራዕ ዝብል ዘሎ። ኣብ ኢትዮጵያ ወያነ ሓደሪት ጋሻ ድኣምበር ነባሪት ከምዘይኮነት ጻድቃ ትርስዖ ኣይመስለንን ክትሓብኦ እንተዘይደሊ'ኻ። ወያነ ትውኽሎ ህዝቢ ኣበይ ኣሎ? እቲ ትምክሓሉ ዝነበርካ ህዝቢ ትግራይ ኪይተረፈ ጭፍራ ብዘሕደረትሉ ጭቆናን ተነጺሎን ካብ ህዝቢ ኢትዮጵያ በቲ ካልእ ወገን ነቲ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ዝነበሮ ሕውነትን ጉርብትናን ኣባቲ'ኻ ከም ኣብ ምንጎ ክልተ ከውሒ ዝተቀርቀረ ገረብ (ኦም) ግደ ድኽነትን ጽልእን ገራቶ ትርከብ ኣላ። ወያነ ነብሰ ምትእምማን ዘይተፈጥራ ወገናዊት ጭፍራ ኤርትራ እትገብሮ ዲፕሎማሲያዊ ርኽክባት ጻዕረ ሞት ዝኾና ስለምንታይ እያ? ጻድቃን ኤርትራ ምጣነ ሃብታዊ ትሕዝቶኣን ወተሃደራዊ ዓቕማን ምስ ሃገራት ኣዕራብ ብፍላይ ከኣ ምስ ግብጺ፡ሱዑድ ዓረብ፡ ኢመራት ዓረብን ( Eritrea's economy has been boosted up by its economic and military ties with Arab countries including Saudi Arabia, Egypt, and the United Arab Emirates) ጥቡቕ ዲፕሎማሲ ብምግባር ዓቕማ ተዕቢ ኣላ ይብል። ልክዕዩ ሓቁዩ። መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ናይ ሓባር ረብሓ ዝተመርኮሰ ዝምድና ድኣንበር ኣብ ልመናን ትኺቦን ዝምብርከኽ ዲፕሎማሲ የብሉን። ጻድቃን እቲ ጀነራል ዝብል ማዓርግ ብዕጫ ድዩ በጺሕዎ ቁሩብ ፖሎቲካዊ ኣፍልጦ ዘይተሓወሶ።

መንግስቲ ኤርትራ ብመጀመሪያ ብቐጥታ ዲፕሎማሲያዊ ጥራሕ ዘይኮነስ ሕውነታዊ ዘለዎ ዝምድና ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብፍላይ ከኣ ምስቲ ብጉርብትና ሓው ዝኾነ ህዝቢ ትግራይ'ዩ መሪጹ ነይሩ። እንተኾነ ግን እቲ ምርጫ ኣብ ኢዱ ስለ ዘይነበረ፡ መራሕቲ ጃንዳ ንድልየት ህዝቢ ነጺጋ ኣብ ዘይደለዮ ምትፍናን ኣእትያቶ። ጻድቃን ሕጂ ነቲ ኤርትራ ትወስዶ በሊሕ ስጉምትታት በርበረ ከምዝተዓጥነ እንጦሾ ዘብሎ ዘሎ እንታይ ንምግባር እዩ? ጃንዳን ሕማቕ ቅንእን መናብርቲ እየን። እቲ ካልእ ንብቕዓት ጻድቃን ትሕቲ ባዶ (zero) ምኻኑ ዘምዝኖ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ (ስርዓት ጭፍራ ማለቱ'ዩ) ንፕረሲደንት ኢሰያስ ካብ ስልጣን ከውርዶ ኣለዎ ምባሉ እዩ። ጻድቃን ደቂሱ ኣይደቂሱ ኩሉግዜ ስም ፕረሲደንት እሰያስ ክሰምዕ ከሎ ኣብ ምብህራር ስለ ዝነብር'ዩ ነዚ ጭንቀትን ቅንእን ዝተሓዋወሶ ኣኡሙራዊ ቅሳነት ዝኸልኦ ኣዕናዊ ጻዊዒት ዝጽውዕ ዘሎ።

**ፕረሰደንት ኢሰያስ ክወርድ ከይወርድ ንህዝቢ ኤርትራ ዝምልከት እዩ። ክትፈልጦ ዘሎካ ነገር ግን እሰያስ ጅግና ወዲ ጀጋኑ፡ ጀጋኑ ኣደታት ዝወለድኦ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዝመረቖ፡ ምስ ኩሎም ከምኡ ዝኣመሰሉ ንህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጥረ ሓው ይካእሎ፡ ኣቦ ዋርሳይ ከምዝኾነ ኣዔርኻ ትፈልጥ ኢኻ። ንፕረሰደንት ኢሰያስ ካብ ህዝቢ ክትንጽል ኢልካ ምሕሳብ ካብ ከውሒ ጻባ ምውጻእ ይቐለካ።** ህዝቢ ኢትዮጵያ ብወገናዊት መሪሒነት ወያነ እዩ ሰላም ሲኢኑ ዘሎ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ብመራሕቲ ጃንዳ እዩ ዝርሸን ዘሎ። ህዝቢ ኣምሓራ ንምጥፋ ንስኻን ብጾትካን ተካይዶዎ ዘሎኹም ዓሌታት ናይ ምጽናት ካብ ገጽ ዓለም ዝተኸወለ ኣይምሰልካ። እንተ ኤርትራ ግን ምስ ጎረባብታን ፈተውቲ ሰላም ዝኾና ሃገራት

*ዓለምን ብሰላም ከም እትነብር  ምኽና ፍለጥ። ሕሰድና ጭፍራ ንህዝቢ ኤርትራ ሓድነቱ የደልድሎ፡ ንጸላእቱ የዔርዩ የነጽረሉ፡ ንሹዩጣት የቃልዕ፡ ድእንበር መደባቱ ኣየሰናኽሎን።*

*ወያነ ትገዝኣ ኢትዮጵያ ህዝባ ዘሕልፎ ዘሎ ስቓይ ንጻድቃንን መሰልቱን ኣይረኣዮምን እዩ። ዓቕን ኣርኮሎ (alcohol) መምዘኒ ዘይብሉ  ብተንኮል ዝሰኸረ ሓንጎል ጻድቃን መራሕቲ ጃንዳን ብጃካ ምስ ከውሒ ምርጻም ካልእ ቁምነገር ክሓስብ ባህርያቱ ዘየፍቅደሉ፡ እንተመሪጹዎ እቲ ከውሒ ኣብ ቦታኡ ኣሎ።  ከውሒ እንተ ሃሪምካዮ የብከየካ፡ እንተወደቐካ ይቐትለካ፣  እንተ ኣኸቢርካዮ የጽልለካ፣፡ የዕቅለካ። ጻድቃን እንታይኮን ይኸውን ምርጫኻ?*

*ሰማእታትና ንዘልኣለም ክዝከሩ ይንበሩ፡*
*ዕድመን ጥዕናን ንህዝቢ ኤርትራ፡*
*ምኅስን ጽንዓትን ነውሓስቲ ሃገር፡*
*ምስጋና ነተን ጅጋኑ ዘፍርያ ማህጸናት፡*
*ገብረንጉስ መስመር።*